DANISH HEALTH AUTHORITY

corona | covid-19

29 ሰነ 2021

# ኣንጻር ኮቪድ-19 ክታበት ክትወስድ እንተድኣ ኾንካ እንታይ ክትገብር ይግባእ

## ስለምንታይ እየ ክኽተብ ዘሎኒ፧

ኮቪድ-19 ብሰንኪ ንደቂ-ሰባት ዝቕዝፍ ሓድሽ ቫይረስ እዩ ዝመጽእ። ስለዚ፣ ካብቲ ረኽሲ ሓራ ስለ ዘይኮና፣ ኮቪድ-19 ከም ላብዕ ሕማም ኺዝርጋሕ ክኢሉ እዩ።

ካብ ህዝቢ ዴንማርክ ንእሽተይ ክፋል ጥራሕ እዩ ኮቪድ-19 ሓሚሙ ዝፈልጥ፣ ስለዚ ድማ እቶም ዝተለኽፉ ካልኣይ ጊዜ በቲ ሕማም ዘይምልካፎም ምሉእ ብምሉእ ርግጸኛ ምኳን ኣይተኻእለን።

ዝኾነ ይኹን ሰብ ብኮቪድ-19 ክልከፍ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ድማ ብኮቪድ-19 ክሓምም ይኽእል ኢዩ። ይኹን እምበር ገሊኦም ሰባት በዚ ሕማም እዚ እንተ ተታሒዞም ብኸቢድ ኩነታት ክሓሙን ኪሞቱን ይኽእሉ እዮም።

**ክታበት ካብ ኮቪድ-19 መልከፍቲን ሕማምን ክከላኸል ስለዝኽእል፣ እቲ ናይ ዴኒሽ ሰበ-ስልጣን ጥዕና ሰባት ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ክወስዱ ይመክር።**

**እቶም ዝኽተቡ ሰባት እናበዝሑ ብዝኸዱ፣ ነዚ ላብዕ ሕማም ብዝበለጸ ክንቆጻጸሮ ንኽእል።**

**እቲ ክታበት ብነጻ እዩ ዝወሃብ፣ ዋላ እቲ ዝተዋህበካ ዕድል ተቐበሎ ደኣምበር ሙሉእ ብሙሉእ ብወለንታዊ እዩ ዝወሃብ።**

## እቲ ክታበት ብኸመይ መልክዕ ክግበር እዩ?



**1.** ኣብቲ ዝተመደበሉ ግዜ ናብቲ ክታበት ዝወሃበሉ ቦታ ምኻድ። ናትካ ቢጫ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ካርድን ምምላእ።



**2.** እተፈላለዩ ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ነቲ ክታበት ክህብዎ ዚኽእሉ እኳ እንተ ኾኑ ወትሩ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ሓኪም እዮም ዚሰርሑ።



**3.** ከም ሕጊ እንተ ኾይኑ፣ እቲ ክታበት ናብ ቀንዲ ጭዋዳ መንኰብካ እዩ ዝውጋእ።




**4.** ድሕሪ እቲ ክታበት ምርካብካ፣ ኣብ ቀረባ ቦታ ን15 ደቓይቕ ክትጸንሕ ግድን እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ዝኾነ ኣለርጂ እንተገይሩልካ፣ ክኢላታት ሕክምና ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

# እንታይ ናይ ጎኒ ሳዕቤናት ኪህልዎ ይኽእል፧

ኵሎም ክታበታት ናይ ጎኒ ሳዕቤናት ኣለዎም፣ እንተኾነ ግን ኹሉ ዝተኸትበ ሰብ ኣይኰነን ናይ ጎኒ ሳዕቤናት ዘርኢ። ብሓፈሻ፣ ጎድናዊ ሳዕቤናት ምስ ቅልል ዝበለን ግዝያዊን ምቅንዛው ይተኣሳሰሩ፣ ስለዚ ድማ ንሕና ነቶም ጸረ ኮቪድ-19 ክታበታት ከም ውሑስን ዝተጸንዑን ክታበታት ኢና ንወስዶም። ሰባት ብሓደ ኻብቶም ጸረ ኮቪድ-19 ክታበት ምስወሰዱ ዘጋጥሞም ልሙድ ዝኾኑ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ኣሎ።

**ኣብነታት ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት**

| ኣብቲ ኸባቢ ዝርአ ምሕካኽ | ሓፈሻዊ ምሕካኽ |
|---|---|
| • ኣብቲ መርፍእ ዚውግኣሉ ቦታ ቃንዛን ምቕያሕን | • ናይ ድኻም ስምዒት<br>• ሕማም ርእሲ<br>• ቃንዛ ኣብ ጭዋዳታትን መላግቦን<br>• ቁሪ-ቁሪ<br>• ንእሽቶ ረስኒ |

**ኣብነታት ስሕት ኢሎም ዝረኣዩ ጎድናዊ ሳዕቤናት**

- ከቢድ ቍጥዐ ኣለርጂክ
- ናይ ምስትንፋስ ጸገም
- ናይ ቈርበት ዕንፋሩር
- ምሕባጥ ገጽ

መብዛሕቲኦም ሰባት ኣብ'ቲ መርፍእ ዝውግኡሉ ክፋል ኣካላቶም ቃንዛ ክስምዖም ንቡር እዩ። ብዙሓት ሰባት ከም ናይ ጭዋዳ ቃንዛ ወይ ንእሽቶ ረስኒ ዝኣመሰለ ሓፈሻዊ ቍጥዐ ኣለርጂክ ክገብረሎም እዩ፣ እዚ ኸኣ ስርዓተ-ምክልኻል ኣካላትካ ነቲ ክታበት ዝግብኦ ምላሽ ዝህብ ምዃኑ ዝሕብር ኢዩ። ከምዚኦም ፍሉጣትን ግዝያዊን ምልክታት እንተደኣ ተራእዩኻ፣ ናብ ሓኪም ምድዋል ኣየድልን እዩ።

ሳሕቲ ነቲ ክታበት ምስወሰድካ ብኡንብኡ ኸቢድ ቍጥዐ ኣለርጂክ ኣካላት ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ከቢድ ቍጥዐ ኣለርጂክ ናይ መድሃኒት እንተ ኣልዩካ፣ ክታበት ቅድሚ ምውሳድካ ነዚ ኽትፈልጦ ኣሎካ። ኣብ ናይ ኮቪድ-19 ማእከላት ክታበት ንሳሕቲ ዘጋጥሙ ዝኾነ ዓይነት ኣለርጂታት ዝሕክሙ ናይ ህጹጽ ረድኤት ሓካይም ኩሉ ግዜ ድልዋት እዮም።

ኣብ መንጎ እቲ ኣብ እተፈላለዩ ክታበታት ዘሎ ልሙድ ዝኾኑ ጎድናዊ ሳዕቤናትን ምላሽን ቍሩብ ፍልልይ ኣሎ።
ተወሳኺ ንምንባብ **www.sst.dk/covid-vaccination**

# እቲ ክታበት ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ፧

እቶም ተቐባልነት ዝረኸቡ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ካብቲ ኑክሊየክ ኣሲድ (RNA ወይ DNA) ዝበሃል ኣብ ኣካላት ወድሰብ ብባህርያዊ መገዲ ዝርከብ ንጥረ-ነገራት እተሰርሐ ንኣሽቱ ናይ ጂን ኮድ ዝሓዘ ኢዩ። ኮሚርናቲ/Comirnaty® ከምኡውን Spikevax® (ቅድሚ ሕጂ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ሞደርና/Moderna®ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ክታበታትን፣ እቲ ኣካላት ኮድ ኣብ ስብሒ ኢዩ ዝሕቆፍ።

እቲ ናይ ጂን ኮድ ሓንሳእ ናብ ዋህዮታት ኣካላት ምስ ኣተወ፣ እቲ ኮድ ንሓድሽ ኮሮናቫይረስ ፍሉይ ዝኾነ ፕሮቲን ይትርጎም። እዚ ፕሮቲን እዚ እቲ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣብ ካልእ እዋን እንተ ተለኺፍካ ነቲ ቫይረስ ምእንቲ ኼለልዮን ኪሰብሮን፣ ነቲ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ተኸላኸልቲ ኣንቲቦዲስን ፍሉያት ተኸላኸልቲ ዋህዮታት ንኽሰርሕ ዜነቓቕሕ እዩ።

እቲ ኣካላት ኮድ ኰነ እቶም ኣብቲ ኽፍሊ ዘለዉ ተዋሳእትን ዕዮኦም ምስ ፈጸሙ ብኣካላትና ብቕልጡፍ እዮም ዝሰባበሩ።



1. እቲ ክታበት ንኣሽቱ ገመድ ኮድ ኣለዎ




2. እቲ መሕቆፊ ኸኣ ነቲ ኣካላት ኮድ ናብ ውሽጢ ዋህዮታት ኣካላትና ንምእታው ይሕግዝ። ድሕሪኡ እቲ መሕቆፊ በቲ ኣብ ኣካላትና ዘሎ ኤንዛይም ቀልጢፉ ይሰባበር።



3. እቲ ንኣሽቱ ኣካላት ኮድ ነቲ ዋህዮ ካብቲ ዋህዮ ወጻኢ ዝርከብ ሓደስቲ ፕሮቲን ከም ዘፍሪ ይገብሮ፣ እዚ ፕሮቲን እዚ ኸኣ ንስርዓተ-ምክልኻል ኣካላትና ናይ ጸረ-ኣካልን/antibodies ስርዓተ-ምክልኻል ዋህዮታትን ከም ዝፈጥር ይገብሮ።



4. ጸረ-ኣካልን/antibodies ዋህዮታት ስርዓተ-ምክልኻል ዋህዮታትን ሕማምን ጸኒሕካ እንተ ተለኺፍካ ነቲ ቫይረስ ኬበላሽውዎ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣካላት ኮድ ዕዮኡ ምስ ወድአ ኣብታ ዋህዮ ይሰባበር።

## ስለምንታይ እየ ክልተ ጊዜ ክኽተብ ዘለኒ፧

እቲ ክታበት እቲ ካልኣይ መውጋእቲ ምስተገብረ ክሳብ 1-2 ሰሙን ሙሉእ ብሙሉእ ውጽኢታዊ ኣይከውንን እዩ፣ ስለዚ ድማ እዩ ክልተ ጊዜ ክትክተብ ዘለካ።

እቲ ክታበት ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ጊዜ ከም ሓለዋ ከምዝገብር ኣይንፈልጥን ኢና። ስለዚ ድማ፣ እቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንብዙሓት ዓመታት ዝጸንሕ ምዃኑ ወይ'ውን ዳግማይ ክታበት ኣድላዪ ምዃኑ ብርግጽ ኣይንፈልጥን ኢና።

## እቲ ክታበት ምስወሰድኩ ብዛዕባ እንታይ ክግንዘብ ኣለኒ፧

ዋላ'ውን ድሕሪ ክታበት፣ ነቲ ሓፈሻዊ መምርሒ ምክልኻል ለበዳ ናይ ዴኒሽ ሰበ-ስልጣን ጥዕና ክትኽተል ኣለካ። እዞም ክታበታት 100% ኣድማዕነት የብሎምን፣ ከምኡ ድማ ክታበት ነቲ ዝተኸትበ ሰብ ካብ ተሰካምነት ናይ'ቲ ቫይረስን ንካልኦት ናይ ምምሕልላፍ ተኽእሎን ይከላኸል ምዃኑ ገና ኣይፈለጥናን ኣለና።

ድሕሪ ክታበት ምርካብካ፣ ብርቱዕ ምልክታት እንተማዕቢልካ፣ ናብ ናትካ ሓኪም ክትከይድ ይግባእ። ገለ ካብ'ዞም ምልክታት ንኣብነት ምልክታት ኣለርጂ ከም ሕጽረት ትንፋስ ወይ ሰሓ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ናትካ ሓኪም ነዞም ምልክታት ብምምልካት፣ ናይ'ቲ ክታበት ድዩ ዋላስ ካልኦት ጠንቅታት ምዃኑን ሕክምና ኣድላዪ እንተኾይኑን ክሕብረካ እዩ።

እቲ ናትካ ሓኪም ንዝኾነ ዝተጠርጠረ ጎድናዊ ሳዕቤን ንናይ ዴኒሽ ሰበ-ስልጣን ጥዕና ምሕባር ሓላፍነት ኣለዎ። ንስኻ ውን ንዝኾነ ዝተጠርጠረ ጎድናዊ ሳዕቤን ብ **www.lmst.dk** ናይ ዴንማርክ ናይ መድሃኒት ኤጀንሲ ክትሕብሮም ትኽእል ኢኻ።

## ጽቡቕ ልማዳት ይሃሉኻ

ዋላ ተኸተብ ደኣምበር፣ ነቲ ረኽሲ ንኻልኦት ከተመሓላልፈሎም ትኽእለሉ ስግኣት ኣሎ። ስለዚ ነቲ ረኽሲ ንምድራት፣ ንምግባር ናይ ዴንማርክ ናይ ጥዕና በዓል ስልጣን ዝሃቦ መምርሒ ብቐጻሊ ኽትስዕብ ኣሎካ፧



**ምልክታት ሕማም እንተለካ ኣብ ቤትካ ምጽናሕን ምርመራ ምግባርን የድሊ**

**ርሕቐትካ ሓሉ**

**መሳኹትን መዓጹን ክፈት እሞ ኣዘውቲርካ ንቤትካ ኣየር ከተእቱ ትኽእል ኢኻ**

**ኣእዳውካ ብተደጋጋሚ ሕጸብ ወይ ከኣ ናይ ኢድ ንጽህና መሐለዊ ተጠቐም**

**ብግቡእን ኣዘውቲርካን ኣጽርዮ፣ ብፍላይ ድማ እቶም ብብዙሓት ሰባት ዝተተንከፉ ነገራት**

### ንዘለካ ሕቶታት መልሲ ካበይ ክትረክብ ይኽእል?

ንክታበት ኮቪድ-19 ዝምልከት እዋናዊ ዝኾነ ሓበሬታ ኣብ **www.sst.dk/covid-vaccination** ክትረክብ ትኽእል፣ ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስን ኮቪድ-19ን ዝያዳ ኣብ **www.sst.dk/covid** ከተንብብ ትኽእል